
## <u>ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ፩ይ ክፋል።</u>




ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ፈቲኻ ታኣምኖ፡ ጸሊእካ ትኽሕዶ ኣይኮነን። ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ታሪኽ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ታሪኽ ህዝቢ ኣፍሪቃ እዩ። ታሪኽ ጭቁናት ኣህዛብ ዓለም እዩ'ውን። ህዝባዊ ግንባር፣ ህ.ግ. ክኸውን ዘኽኣሎ ህዝባዊ ግንባር ኢሉ ንነብሱ ስለ ዝሰመየ ኣይኮነን። ህባዊ ግንባር ከብሎ ዝኽእል ቃልሲ ስለ ዘካየደ እዩ። መትከሉ ኣነጺሩ ካብ ጌጋታቱ ዝመሃር፣ ንክለሳ ሓሳብ ኣብ ግብሪ ዝትርጉም፡ ግዜን ኩነታትን ዝመዝ ውድብ ስለ ዝኾነ እዩ ዓውቱ ክጭብጥ ዝኸኣለ። ህ.ግ ከም ስሙ ግንባር ናይ ህዝቢ፡ ብቐዳምነት ዝስለፍ፡ ቅድሚ ህዝቡ ዝብጀ፡ ንረብሓ ሃገርን ህዝብን ረብሑኡ ዝመነነ ውድብ እዩ። ንታሪኽ ህ.ግ. ክብልል ዝሓስብ ኤርትራዊ እንተሎ፡ ታሪክ ገዛእ ነብሱ እብልል ከም ዘሎ ክርዳእ ይግባእ።

እዞም ዝስዕቡ ስእልታትን መግለጺታቶምን ካብቲ ብዙሕ ቅያታት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብመሪሕነት ህ.ግ. ዝተሰነዱ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ " ኣነ ኤርትራዊ እየ" ኢልና ብድፍረት ኣፍልብና ነፊሕና መንነትን እንገልጸሎም እዮም። ሓደ ስእሊ ዘለዎ መልእኽቲ ባሽሓት ቃላት ከም ዝግለጽ ክንግንዘብ የኽእለና። እስከ ነብስና ኣብዛ ስእሊ ኣእቲና ንርኣያ። እቲ እዋን ለይቲ'ዩ ኔሩ። ለይቲ ብባህርያቱ ቆራሪ እዩ። ኣብሪእሲኡ ኩናት። ኩናት ጸጸን ሓርማዝን። ዕጥቂ ሻበጥን ዱላን፡ ( ካላሽንን ምስ ሞርታራት ክገጥም )። ተጋዳላይ እንታይ ስለ ዝኣመነ'ዩ ጸላእቱ ክስዕር ኣብዚ ቀውታ ለይቲ ምስ ጽሙእ ጎሮሮ፡ ጥሙይ ከብዲ፡ ዕሩቕ ዝባን፡ ጠኒኑ ዝዋጋእ ዘሎ? እዚ ብጀጋኑ ዝተፈጸመ ታሪክና ታሪኽ ሓበን እዩ።


### <u>ተጋዳላይ ንኩናት ምስ ተባህለ ደስትኡ ክገልጽ ከሎ።</u>



ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጥሪ 1977 ኣብ ቀዳማይ (1ይ) ጉባኤኡ እንታይ እማመ'ዩ ኣሚሙ? 'መሬትን ሰብን ሓራ ንምውጻእ' ብረታዊ ቃልሲ ክባራታዕ'ዩ ወሲኑ። እዚ እንታይ ማለትዩ? ንኩናት ተዳሎ፡ ንመስዋእቲ ተቐረብ፡ ምእንቲ ሓፋሽ ንእስነትኻ ወፊ፡ ረብሓኻ ረብሓ ውጹዓት'ዩ፡ ጅግንነታዊ ታሪኽ ግደፍ'ዶ ኣይኮነን።


ካብዘን ሰእልታት ብምዕዛብ መልሲ ተጋዳላይ እንታይ'ዩ ኔሩ? ሙሉእ መጽሓፍ ምምባብ የድሊ ድዩ? ታሕጓሱ ዓሽ ዓወት ንሓፋሽ ኢሉ ናብ ድቅድቅ ኲናት'ዶ ኣይኮነን ዘምርሕ ዘሎ። ተጋዳላይ ምእንቲ ሃገርን ህዝብን ክብል ምስ ኲሎም ባህራውያን ተጻብኦታት ተዓራሪኹ ዝበልዎ ኮይኑ እኳ'ዩ ሓሊፍዎ። ኮምኡ እንተዘይከውን ኔሩ፡ እዚ ሎሚ ነስተማቕሮ ዘሎና ነጻነት ግህዶ ምኾነ ኢሉ ዝሓስብ ሰብ ኣሎዶ? "ዓወትና ብደምና ምእንቲ ሓፋሽ ህዝብና" ሳላ ኢሉ ዝመሓለን ዝመከተን ተሰውኤን'ዩ እቲ ዝወግሕ ዘይመስል ዝነበረ ጸልማት ወጊሑ። ነዚ ታሪኽ'ዚ ክድውን ዝፍትን ወይልኡ።

**<u>ናቕፋ፡</u>**





ታሪኽና ብጉቡእ መንእሰያትና ክመሃርዎ ይግባእ። ብሓፈሽኡ ሕብረትሰብና። ህዝባዊ ግንባር ናቕፋ ሓራ ንምግባር ዘሕለፎ ቃልሲ ብጉቡእ ክዝንቶ ኣለዎ። ትዛነየሉ ነገር ኣይኮነን። ክንደይ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ ኲናት፡ ሰራዊት ደርጊ ሕፍረት ዝተሰከመሉ ትንፋስ ዘይህብን ነዊሕ ግዜ ዝጠለበን ውግእ እዩ ኔሩ። ኲሉ ዓውደ ውግኣት ነናቱ ዛንታ ኣለዎ። ውግእ ናቕፋ ፍሉይ ዝገብሮ ግን ሓንሳብ ነጻ ምስ ወጸት ዳጋይ ዘይተደፍረት ከተማ ምዃናዩ።

ሓፋሽ ነቲ ብሃረርታ ዝጽበዮ ዓወታት ደቁ ምስ ረኣየ ናይ ታሕጓሱ ምልክት በዘን ኣደታን ክግለጽ ይከኣል። ሓፋሽ ክሳብ ክንደይ ምስ ሰውራኡ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ ከም እተቓለሰን፡ ዓወት ከም ዝሓፈሰን እዛ ስእሊ መርኣያ እያ። ሓፋሽ ዓንድ ሕቖ ሰውራ።



**<u>ከረን፡</u>**




بتحرير مدينة كرن ( ثاني اكبر مدينة في ارتريا ) في ٨ يوليو ١٩٧٧ دخل نضال الشعب الارتري مرحلة جديدة . ومدينة كرن المحاطة بالجبال من جميع الجهات ملائمة للدفاع لدرجة ان البريطانيين احتاجوا اثناء الحرب العالمية الثانية الى ٩٠ يوما كي يتمكنوا من اخراج القوات الايطالية منها . ان تمكن الجبهة الشعبية من تحرير المدينة خلال ثلاثة ايام فقط قد اثبت تفوق الثورة الارترية على العدو .

With the liberation of Keren, the second largest Eritrean city, on July 8 1977, the Eritrean struggle entered a new phase. Keren is ringed by mountains and easy to defend. During the Second World War, it took British forces 90 days to dislodge the Italian army from Keren. The EPLF captured the city in three days, proving that the Eritrean people had gained the upper hand.

ህዝባዊ ግንባር ንከተማ ከረን ድሕሪ ምሓዙ፡ ጸላኢ ሕቘኡ ከም ዝተሃርመ ተመን ተሎኽሱሱ እዩ። ሞራል ሰሰራዊቱ ሜረት ዝዘበጠሉ፡ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ሞራሉ ሰማይ ዝዓረገሉ ግዜ'ዩ ኔሩ። ሳላ መስዋእቲ ብሉጻት ደቂ ህዝቢ ከተማ ከረንን ከባቢኣን ሓጎሱ ገንፈለ። ሰውራ ኤርትራ (ህ.ግ) ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ጸብለልነቱ እናወሰኸ፡ ኣብ ምኽብካብ እዩ ኣምሪሑ። ደርግ ኣፍልቡ ደጊፉ እንቅዓ እናስተንፈሰ፡ ህ.ግ. ብናህሪ እናገስገሰ ማይዶ ጸባ ኮነ፡ እዚ ብሰራሕቲ ቅያ ጽተፈጸመ ታሪኽ ስለ ዝተሓልፈ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኮሪዑ፡ ቀሲኑ፡ ጽሩይ ኣየር ኣስተንፊሱ ዝነብር ዘሎ።

**<u>ማሕበር ደቂ እንስትዮ፡</u>**



ان المهمة الاولى للجبهة الشعبية لتحرير ارتريا في المدن المحررة هي — تماما كما في الريف المحرر — العمل على تمكين الجماهير الشعبية من ادارة شئونها بنفسها من خلال اقامة مؤسسات السلطة الشعبية . وعلى هذا الاساس تأسست المجالس الشعبية وايضا اتحادات العمال والفلاحين والنساء والشباب . ان ذلك كان — بالذات للمرأة — بمثابة بعث الحياة من جديد .


In the liberated towns -as in the country-side- the EPLF took up as its main task the establishment of popular institutions that would enable the ordinary people to administer their own affairs. People's assemblies as well as unions of workers, peasants, women and youth were set up.



16

ኣደታት ኤርትራ ማህጸነን ከም ዛራዪ (ወሓዚ) ማይ ዘይነጽፍ፣ ጸገም ተጸወርቲ ፣ መተካእታ ኣፍረይቲ፣ ሞራል ኣስነቕቲ፡ ተጋዳላይ ዓንገልቲ፣ ምስጢር መማላለስቲ፣ ብማሕበር ተወዲበን ብዓውታ ደገፍ ሰውርኤን ከመስክራ ከለዉ። መን ኣሎ ከም ኤርትራዊት ኣደ ስንቂ ኣዳልያ ኣብ ግዜ ውግእ ይኹን ሰላም ኣብ ቅድመ ግንባር ከይዳ ደቃ ትዕንግል? መን ኣሎ ከምኣ ኣብ መደበር ሕክምና ከይዳ ውጉኣታ ተኾልስ፣ ደም ደቃ ትሓጽብ። ህዝባዊ ግንባር ፍረ ቃልሳ ንምሙጋስ፡ ማዕርነታ ከረጋገጽ ዝገበረ።

**<u>ውግእ ድግሳ፡</u>**




እቲ ከም ከብቲ እናተኸብከበ እቶ ዝበሃል ዝነበረ ሰራዊት ደርጊ ድግሳ እንታይ ፈደየቶ? ከድሕኖ ዝፈሓሩዎ ጎዳጉዲ መቓብሪኡ ኮይኑ። ዝተረፋ ኢደን ዘርጊሐን ምሓሩና ክብላ ኣብዚ ስእሊ ይረኣያ። ህዝቢ ድግሳ ጸባ ሰትዩ። ንደቁ ጸባ ኣስትዩ። እዚ ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር፡ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ህዝባዊ ግንባር ተልእኩኡ ኣብ ቦትኡ ዘብጽሐ ውድብ'ዩ። ንፍትሒ ስለ ዝተቓለሰ ፍትሒ ኣረጋጊጹ።

**<u>ህዝባዊ ግንባር ንኹሉ ዘማልኤ ውድብ'ዩ።</u>**





መስዋእቲ ከም ንቡር ወሲዱ፡ ስዉእ ዝገበርካ ጌርካ ትንፋስ ክትሰኽዓሉ ስለ ዘይከኣል፣ ድሕሪ ውግእ ግዜ ኣብ ተረኽበሉ ናብቲ ካልእ መደባት ምድሃብ'ዩ። ኣብ ሰውራ ኤርትራ (ህ.ግ.) መዘናግዒ ፣ መምሃሪ፣ ኣካላት መጠንከሪ፣ ሞያ መቕሰሚ፡ መደባት ኣካል ናይ ቃልሲ ምዃኑ ተገንዚቡ ተጋደልቱ የሳትፍ። ሞራሎም ሓፍ ንምባልን ፡ ኣካላቶም ንምጥንካር፡ ኣእሙሩኦም ንምስፋሕ ዝተማህዘ መደብ እዩ። ስዉእ ይርሳዕ ማለት ኣይኮነን። ሕድሪ ሰማእታት ንምፍጻም ሓንጎልካ ተሓዲሱ፡ ኣካላትካ ደልዲሉ ንዝመጽእ ውግእ ምድላው እዩ። ጓይላ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ዘውቱራት መሔደሲ ሓንጎል'ዩ ኔሩ። ዝተሓላለፎ ዝነበረ ፖሎቲካዊ ተልእኮ ንጸላኢ ዓይኑ ሰለም ኣቢሉ ንከይሓድር ይገብሮ ነሩ።

## ስትራተጅያዊ ምዝላቕ

ኣብ መፋርቕ 1978 እቲ ህዝቢ ኤርትራ ስቅያቱ ኣብ ሓጺር እዋን ክኽትም ዝነበሮ ሃንደበት ተጎንዲቡ። ገዚፍ ምትእትታው ሕብረት ሶቭየት ንውልቀ-ምልካዊ መንግስቲ ደርግ ካብ ኣፍ መቓብር ኣውጺኡ፡ ንሚዛን ሓይልታት ገልቢጥዎ። ኣብ ቅድሚ ቲ ገዚፍ ኢትዮ-ሶቭየታዊ ወራር ሓይሊ ተገቲርካ ንዘሎ ሓራ ቦታታት ምክልኻል

ነብሰ-ቅትለት ስለዝነበረ ድማ፡ ህ.ግ. ስትራተጅያዊ ምዝላቕ ኪገብር ወሲኑ።

ክቡር መስዋእቲ ከፊልካ ሓራ ካብ ዝገበርካየን መሰረት ናይ ሓዳስን ሓራን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ዘንጸፍካለን ከተማታት ምዝላቕ መሪር እዩ ኒሩ። ብዙሓት ግን፡ እዚ ተገይሩ ውን ሰውራ ኤርትራ ክቃወም ኣይክእልን እዩ ዝብል ኣረኣእያ ነይርዎም። ንሳቶም፡ "ኣንጻር ሶቭየት ምውጋእ ዕንደራን ሓላፍነት-ኣልቦን እዩ" ብምባል ህዝቢ ኤርትራ ብረታዊ ተጋድሎኡ ከቋርጽ ምዒዶም።

ህዝባዊ ግንባር ግን ኪናቲ ታንክታት ሕብረት ሶቭየት ዘልዓለኦ ተጉን ክርኢ ኪኢሉ። ህዝባዊ ግንባር ግን ኪና ቲ ታንክታት ሕብረት ሶቭየት ዘልዓለኦ ተጉን ክርኢ ኪኢሉ። ዋና ጸሓፊ ብጻይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ /ሽዑ ምክትል ዋና ጸሓፊ/ ብሓምለ 1978 ከምዝገለጾ፡ "ምናልባት ሕጂ ደርግ ናይ ወተሃደራት ብዝሒ፡ ናይ ኣጽዋር ብዝሕን ዓይነትን ስለዘስከረ፡ ሓይሊ ተሰሚዑዎ፡ ዓበይቲ ዓወታት ዚፍጽም ይመስሎ ይኸውን። ኣብ መወዳእታ ግን ሓጺር ናይ ምርብራብ ግዜ ምስ ሓለፈ ኩነታት ንረብሓ ሰውራ ኤርትራ ከምዝቕየር ኣየጠራጥርን። ምኽንያቱ እቲ ዝውስን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ቆራጽነትን ክምህ ዘይብል ተቓውሞኡን እዩ።"

እቲ ዝሰዓበ ዓመታት፡ ህ.ግ. ቅኑዕ ከምዝነበረ መስኪሩ።

وفجأة تحطم الامل الكبير الذى علقه الشعب الارترى بقرب انتهاء معاناته في اقصر وقت وذلك نتيجة للتدخل السوفيتي الضخم في منتصف عام ١٩٧٨ وانقاذه لنظام الدرق من حافة هاوية الانهيار التام فانقلبت موازين القوى • ولما كان الوقوف امام قوات الغزو الاثيوبيـــة السوفيتية الضخمة بغية الدفاع عن كل المناطق المحررة تعتبر عملية انتحار ذاتي • قررت الجبهة الشعبية القيام بخطوة الانسحاب الاستراتيجي •

لقد كان مريرا جدا الانسحاب من المدن التي دفعنا من اجل تحريرها اغلى التضحيات
والتي ارسينا فيها اللبنات الاولى لبناء ارتريا الحديثة ، ارتريا الديمقراطية المستقلة.
ومع هذا فان كثيرين كانوا يرون بأن الثورة الارترية — بعد انسحابها — لن تقوى على المقاومة .
وحجة " ان خوض الحرب ضد السوفييت ما هو الا دليل على سيطرة روح المقامرة وغياب
روح المسئولية " رأى هؤلاء ان يتوقف الشعب الارتري عن خوض كفاحه المسلح .

وقد استطاعت الجبهة الشعبية ان تستجلي ما خلف الغبار الذى اثارته الدبابات السوفيتية.
وحسبما اوضح في عام ١٩٧٨ ، الرفيق اسياس افورقي الامين العام الحالي للجبهة الشعبية:
ربما يشعر الدرق في هذه الاونة بالقوة نتيجة لانتشائه بالكثرة العددية لجيشه والكثرة العددية
والنوعية لسلاحه ومهما صور له ذلك ان بامكانه تحقيق انتصارات كبرى غير ان مما لاشك فيه هو
انه في النهاية وبعد فترة قصيرة من الاستنزاف ستتغير الاوضاع لصالح الثورة الارترية وذلك لان
العامل الحاسم والمحدد هو اصرار الشعب الارترى ومقاومته التي لا تلين .
وقد اثبتت الاعوام اللاحقة صحة تقييم الجبهة الشعبية .

THE STRATEGIC RETREAT

In mid 1978, the Eritrean people's hope that their suffering would soon be over were suddenly dashed. Massive Soviet intervention pulled the dictatorial regime from the brink and over-turned the balance of forces. It was suicidal to confront head on the might of the Ethio-Soviet military machine. The EPLF decided on a strategic retreat.

To withdraw from the towns that had been liberated at the cost of many martyrs, to suspend (in large areas of the country) the attempts at laying the foundation of a new, open and democratic society was indeed bitter. But, for many, even this was not enough. They counseled the total abandonment of the armed struggle, claiming that it was "pointless and irresponsible" to fight in the face of overwhelming odds.

The EPLF, however, was able to see beyond the dust blown up by the rolling Soviet tanks. Its current secretary general, Issayas Afewerki, said in July 1978, "...intoxicated by the size of its army and the quality and quantity of its weapons, the Dergue may feel invincible. It may also score some victories. But after a short period of attrition, the tide will turn in our favour. It is the Eritrean people's determination and their indefatigable resistance that will decide the outcome". The years that followed were to prove the EPLF correct.

እዞም ዑሱባት ሃገር ንምዕናው ምስ ኣትማን ደቂሶም ዝሓድሩን ዝውዕሉን ዝማኸሩን ዘለዉ፡ ነዚ ታሪኽ ኣይፈልጡዎን ማለት ኣይኮነን።  እንታይድኣ ነቲ ሃርጋፍ ድሌታቶም ስለ ዘየማልእ'ዩ።  በዞም ዑሱባት ዝተታለለ ኤርትራዊ፡ ብፍላይ መንእሰይ ማህደር ታሪኽ ጀጋኑ ፈትሽ፣ ቅያ ኣደታትካን ኣቦታትካን፡ ኣሓትካን ኣሕዋትካን ኣንብብ ዓቅብ።  ምስ ዝጠሓሉ ኣይትጥሓል።  ታሪኽ ነባሪ ካብ ዎሎዶ ናብ ዎሎዶ ዝወራረስ'ዩ።  ኣብ ቁኑዕ ጎኑ ተሰለፍ።

2ይ ታሪኽ ካብ ምህደር ኣብ ዝመጻ ይቕጽል......።
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።